መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

# ውድቀት ሰብ



ጸሓፊ ፦ Edward Hughes

ገላጺ ፦ Byron Unger; Lazarus
Alastair Paterson

ኣወሃሃዲ፣ M. Maillot; Tammy S.

ተርጓሚ፦ ተስፋኣለም በራኺ፣
ሙሉጌታ ዘርኣይ፣ ጸሃይነሽ ታደሰ

ኣባዛሒ፦ Bible for Children
www.M1914.org

©2020 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቁድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣

እግዚኣብሄር ንኵሉ ፍጥረት ገበሮ።
ኣዳምን ሄዋንን ናይ መጀመርታ ፍጥረት
ኣምላኽ ኣብ ገነት ይነብሩ ነበሩ። ክሳብ
እታ ናይ ውድቀት ሰብ መዓልቲ ትመጽእ
ኣዳምን ሄዋንን እንዳ ተራዳድኡን፣
ንፈጣሪኦም እንዳ መስገኑን
ይነብሩ ነበሩ።





እግዚኣብሄር ኣምላኽ
ካብ ዝገበሮ (ዝፈጠሮ)
ኵሉ ኣራዊት መሮር ተመን
ይጒርሕ ነበረ፣″ነታ ሰበይቲ
ከኣ ኣምላኽሲ ካብ ኵሉ ኦም ገነት ኣይትብልዑ
ኢሉዶ ኣዚዙ እዩ በላ።” ሄዋን ከኣኣ ነቲ ተመን
በለቶ ኣብ ገነት ካብ ዘሎ ፍረ ኦም ንበልዕ ኢና።
ብዛዕባ ፍረ እታ ኣብ ማእከል ገነት
ዘላ ኦም ግና ኣምላኽ ከይትሞቱስ
ካብኣ ኣይትብሉዑን ኣይትተንከዩዋን
ኢሉናዩ በለቶ። ተመን ከኣ
‘ኣይትመቱን ኢኹም’ በላ።



“ከም ኣምላኽ ድኣ ትኾኑ እምበር” ሄዋን ድማ ከምኡ ስለዝበላ ካብታ ፍረ ወሲዳ በልዔት ምኽሪ ተመን ከይተረድኣ ፈጸመት።

ሄዋን ትእዛዝ እግዚኣብሄር ኣፍረሰት
ካብታ ፍረ ወሲዳ ንኣዳም ሃበቶ ኣዳም
ብወገኑ ትእዛዝ እግዚኣብሄር ኣይጥሕስን
ኣይበልዕን ክብል እካ እንተነበሮ።
ንሱ’ ውን ከም ሄዋን በልዔ።







ኣዳምን
ሄዋንን
ትእዛዝ እግዚኣብሄር
ምስ ኣፍረሱ ከምቲ ዝተባህሎም ዝሓሰብዎን
ዘይኮነስ ጥራዮም ምዃኖም ድኣ ፈለጡ። ነቲ ጥራዮም
ምዃኖም እንተ ሸፈነሎም ኢሎም ናብ ኣግራብ ኣትዮም
ቀጽሊ በለስ ኣለጋጊቦም ከኣ ተዐጥቁ። መሊሶም ከኣ ኣብቲ
ኣግራብ ኮይኖም ካብ እግዚኣብሄር ክኸወሉ ተሓብኡ።



ምድሪ ምስ ወልወለ (መሰየ) እግዚኣብሄር ድሃዮም ክገብር ከም ቀደሙ መጸ። እንታይ ፈጺሞም ከም ዘለው ይፈልጥ ነበረ። ኣዳም ንሰበይቱ ሄዋን ንሳውን ንተመን ክኸሱ ተራኣዩ። ሽዑ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ነቲ ተመን እዚ ስለ ዝገበርካ ካብ ኵሎም እንስሳ ኣራዊት መሮር ርጉም ኩን ብኸብድኻ ክትከይድ ኵሉ ዘበን ህይወትካ ድማ መሬት ክትበልዕ ኢኻ። ንሄዋን ከኣ መከራክን ጻዕሪ ጥንስኽን ኣዝዩ ክበዝሕ እዩ በላ። ንኣዳም ከኣ ምድሪ ብዛዕባኻ ርግምቲ ትኹን እሾክን ተኾርባን ተብቈልልካ። ኵሉ ዘመን ህይወትካ እንጌራካ ከኣ ብጻዕሪ ክትበልዕ ኢኻ።



ኣዳምን ሄዋን ካብታ ብህድኣትን
ብዘይ ስክፍታን ቀሲኖምን ዝነብርዋ
ገነት ብሰንኪ ዘይምእዛዞም ካብ
እግዚኣብሄር ተፈለዩ። እታ ንዘለኣለም
ህያዋን ኮይኖም ዝነብርዋ
ዝነበሩ እግዚኣብሄር
ዝሃቦም ከኣ
ሰኣንዋ።



እግዚኣብሄር ኣምላኽ ርሕሩሕን ለዋህን ፈቓርን ስለ ዝኮነ ንኣዳምን ሰበይቱን ደበሎ ገይሩ ከደኖም። እቲ ዘገርም ግና እቲ ደበሎ ካበይ ወሰዶ? እግዚኣብሄር ኣምላኽ ካብ ገነት ኤደን ኣውጽኦም ንምሕላው ሃልሃልታ ሴፍ ዝሓዘ ኪሩቤል ኣቀመጠ።

ድሕሪ እዚ ፍጻሜ እዚ ኣዳምን ሄዋንን ውሉድ ወለዱ። ቦኽሪ ወዲ ቃየል ብድሕሪኡ ድማ ኣቤል ተወልደ። ቃየል ዓያይ ምድሪ ነበረ፣ ኣቤል ግና ጓሳ ኣባጊዕ ኰነ። ድሕሪ ገለ ወርሓት ድማ ኰነ ቃየል ካብ ፍረ ምድር ንእግዚኣብሄር መስዋእቲ ኣምጽኤ። ኣቤል ከኣ ካብ በዅራት ኣባጊዑን ካብ ስብሒንን ኣምጽኤ። እግዚኣብሄር ድማ ናብ ኣቤልን መስዋእቱን ባህ ኢልዎ ረኣየ።



እግዚኣብሄር ብ ቃየልን መስዋእቱን ባህ
ኣይበሉን። ቃየል ከኣ ኣዝዩ ኲረየ ገጹ ድማ
ጸለመ። እግዚኣብሄር ከኣ ንቃየል ″ስለምንታይ
ኲሬኻ ጽቡቕ እንተ ትገብርሲ ገጽካዶ ትኽ
ኣይምበለን። ሓጢኣት ኣብ ኣፍ ደገ ትቃጸወካ
ኣላ። ሃረርታኣ᾽ውን ናባኻ እዩ፣ ግናኸ
ንስኻ ክትገዝኣ ይግብኣኻ።″



ኳህን ኩራን ግና ንቃየል
ከምዝተመዓደ ኣይገደፎን፣ እኳ ድኣ
መሊሱ ድሕሪ ጊዜ ኣብ መሮር
ንሓው ኣቤል ተንሲኡ ቀተሎ፣



እግዚኣብሄር ከኣ ንቃየል ተዛረቦ። ″ኣበይ ኣሎ ሓውኻ ኣቤል″ በሎ። እግዚኣብሄር እንታይ ከም ዝምልሶ። ክፈልጥ። ኢሉ እምበር እንታይ ከምዝገበረ ጠፊእዎ ኣይኮነን። ቃኤል ግና ″ኣይፈለጥኩን″ በለ ″ሓላው ሓወይ ኣይኮንኩን″ ኢሉ መለሰ። እግዚኣብሄር ከኣ ንቃየል ከምዚ በሎ ″ምድሪ ምስ እትሓርስ መሊሳ ሓይሊ ኣይትህበካን እያ። ኣብ ምድሪ ኰብላልን ቀባሕብሓይን ኩን፣″ በለ።



ቃየል ድማ ካብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ወጸ። ሰበይቲ ቃየል ውሉድ ወለደትሉ ስድርኡ ከኣ ከዕቢ ጀመረ። ኣብ ሓጺር ጊዜ ስድራ ቃየል ክበዝሑ ጀመሩ ነታ ከተማ’ ውን መልእዋ።



ከምኡ’ውን ስድራ ኣዳም ክበዝሑ ጀመሩ። ኣብቲ ጊዜ እቲ ዕድመ ወዲ ሰብ ነዊሕ እዩ ኔሩ።



ኣዳም መሊሱ ንሰበይቱ ፈለጣ። ንሳ ከኣ ወዲ ወለደት ኣምላኽ ኣብ ክንዲ እቲ ቃየል ዝቐተሎ ኣቤል ካልእ ፍረ፣ ከርሲ ተኾኢኒ እዩ ኢላ ስሙ ሴት ኣውጽኣትሉ። ኵሉ ዕድመ ሴት 912 ዓመት ኰነ ብዙሓት ውሉድ ከኣ ወለደ።





ወለዶ ናብ ወለዶ እንዳ ተክኤን እንዳ በዝሑን ኣብ ዝከድሉ ዝነበረ ጊዜ ኰነ ድማ፣ ሰብ ኣብ ልዕሊ ገጽ ምድሪ ክበዝሕ ምስ ጀመረ ክፉኣት ሰባት ኣዝዩ እንዳ በዝሐ ከደ። እግዚኣብሄር ከኣ ክፉኣት ሰብ ኣብ ምድሪ ከም ዝበዝሐን ብሓሳባት ልቦም ዝሕልንዎ ድማ ወርትግ ክፉእ ጥራይ ከም ዝኰነን ረኣየ።

ዝፈጠርክዎ ሰብ ካብ ሰብ ክሳዕ እንስሳን ኩሉ ፍጡርን ካብ ዝባን ምድሪ ክድምሰስ እየ በለ። እግዚኣብሄር ከኣ ንሰብ ምፍጣሩ ተጣዕሰ። ሓደ ሰብ ግና ብዘገርም ካብ ኩሉ ፍጡር ዘሎ ምድሪ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ሞገስ ረኸበ።





እዚ ሰብ እዚ ከኣ ኖህ እዩ። እዚ ውሉድ ካብ ሴት
ሓረግ እዩ። ኖህ ጻድቕን እንታ ዘይብሉ ሰብኣይ ነበረ። ምስ
ኣምላኽ’ ውን እተመላለሰ እዩ። ኖህ ሰለስተ ውሉድ
ከምፍቓዱ ዝኸዱ ነበርዎ። እግዚኣብሄር ድማ
ንሰብ ድሕነት ዝኸውን ብኖህ
ጌሩ ክሰርሕ ጀመረ።

# ውድቀት ሰብ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ዘፍጥረት 3-6

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፣130

መፈጸምታ

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኲልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኲሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኲሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኲሉ ሳዕ ንዘራረብ!
የውሃንስ 3፡16